# እቲ ፍታሕ ኣብ ኢድና እዩ'ሞ ተጸባዩ ምኺን የብቅዕ

**ቤት ጽሕፈት ዜና**
**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን**
**22.07.2005**

ህዝቢ ኤርትራ ድሕር'ቲ ን30 ዓምታት ዝኣክል ዘካየዶ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ሳላ ጽንዓቱን ዘይሕለል መሪር ቃልስታቱን ሃገራዊ ናጽነቱ ኣረጋጊጹ፣ ዋና ሓንትን ክብርትን ሃገር ክኸውን በቒዑ እዩ። እዚ ይኹን'ምበር ማዕረቲ ዘረጋገጸ ሃገራዊ ናጽነት ሰላም፣ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ማዕርነትን ተረጋጊጹ፣ ኣብ ጎደና ልምዓት ክምርሽን ዘዕግብ ምዕባለ ከመዝግብን ኣይካኣለን። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ ብሰንኪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምዕባሌኡ ተሓሊኹ ብሕሱም ሓለንጊ ጥሜት ይግረፍ ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ገዛእ ሃገሩ ከም ካልኣይ ዜጋ ተቖጺሩ ሙሉእ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላቱ ተጨፍሊቑ፣ ብወታሃደራዊ ዕንደራ ናይ ስርዓት ህግደፍ በእላፍ ዝቕጸሩ ዕሽላት ደቁ ስኢኑ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናኸፍአ ብዝኸይድ ኣሰቃቒ ግፍዕታት ዝርንዝሕ እናነብዐን እናተሳቐየን እዩ ዝርከብ ዘሎ። ናይዚ ኹሉ ስቅያት እዚ ጠንቂ ዝኾነ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ዛጊት መዳርግቲ ዘይተረኽቦ ጨካን ተግባራቱ ንምኽዋል ዘይንሱ መሲሉ ንምቕራብን ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ ሓላይን ተጣባቕን ናይ ህዝቢ ንምምሳልን ዝተፈላለዩ ናይ ሓሶት መግለጺታት ዝህብ'ኳ እንተኾነ፣ ተግባራዊ ምንቅስቓሳቱ ግን ናይቲ ዀትዛረበሉ'ውን ሕንቕንቕ ዘብል ግፍዕታት ጭቡጣት መሰኻኽር ኮይኖም፣ ንዓለምና ክፍኣት ህግደፍ ይነግሩን መምሃሪ ይኾኑን ኣለዉ።

ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ካብ ካልኦት ህዝብታት ዓለም ብዝተፈልየ መልክዑ ኣብ ዓሚቕ ናይ ተነጽሎ ባሕሪ ጥሒሉ ምስ ወጻኢ ዓለም ከይራኸብን መነባብሮኡ ተማሓይሹ መጻኢ ሂወቱ ብብሩህ መንፈስ ከይመርሕን ኣብ ጸባብ ኤርትራዊት ማሕቡስ ተዳጕኑ ረኣይን ሰማዕን ኣልቦ ሕልፈት ዘይብሉ ስቓይ እዩ ዝወርዶ ዘሎ። ኣብ ዘበነ ስልጣን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ህዝብና ዝተራእየ ለውጢ እንተድኣ ሃልዩ እምባኣር፣ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ናይ ማእሰርትን ስቅያትን፣ ህልቂትን ሓዘንን፣ ድኽነትን ጥሜትን ...ወዘተ ዘሕዝን ኩነታት ጥራሕ እዩ። ካብዚ ዝሓልፍ ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ኣይተራእየን፣ ኣብ ዘበነ ስልጣን ስርዓት ህግደፍ። እወ ዘበነ ስልጣን ስርዓት ህግደፍ ሃገር ብሃገራ ናብ ዓውደ-ኵናት ተቐይራ ሰብና ከም ቆጽሊ ዝረገፈሉ፣ ደም ዕሽላት ከም ዛራ ማይ ውሒዙ ምድሪ-ቤታ ዝጨቀወሉ፣ ራዕዲ ነጊሱ ህዝቢ ከም ህዝቢ ብመራሕቲ ህግደፍ ደም እናተሓልበ መከራኡ ዝረኣየሉ ናይ ጽንተት ዘበን'ዩ። ዛጊት ሕጂ'ውን እንተኾን ከፉኡ እምበር ኣይተማሓየሸን። መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ብኢደ-ወነኖም ዝተቐጻጸርዎ መንበረ-ስልጣን ንዘይምልቃቕ ክብሉ ብዋጋ ሞትን ስንክልናን ዕሽላት ሃገርና ክጣልዑን ዕድሚኦም ከናዉሑን እዮም ህርድግ ዝብሉ ዘለዉ። ካብ ሕ/ሰቡ፣ ካብ ናብርኡን ትምህርቱን ተነጺሉ ኣብ ወተሃደራዊ መዓስከራት ብጅሆ ተታሒዙ ዝርከብ ኤርትራዊ መንእሰይ ነዚ ዘስካሕክሕ መሪር ናብራ'ዚ ካብ ምጽልኡ ዝነቕል ዝፈትዋ ሃገሩ ራሕሪሑ ዕረ እናጠዓሞ ፈቐድኡ ክስደድ ንዝተፈላለዩ ሽግራት ክቃላዕን ከርፋሕ ናብራ ከሕልፍን ንቡር ኮይኑ ኣሎ።

እቲ ምስ ኩሉ ኣደራዓቱን ዘይምሕር መግረፍትታትን ኣብ ዉሽጢ ሃገር ተኾርምዩ ዝነብር ዘሎ ኤርትራዊ እውን እንተኾነ፣ ኣሰር'ቶም ወግሐ-ጸብሐ

ዝስደዱ ዘለዉ ኣሕዋቱ ብምኽታል ዝረኸበ ይርከበኒ ኢሉ፣ እግሩ ናብ ዝመርሖ ሃጽ ኢሉ ክጠፍእ'ዩ ዝረኤ። እሞ እዝስ ክሳብ መዓስ? ህዝብና ህዝቢ ኤርትራ ንዘበናት ተቓሊሱ ማእለያ ዘይብሉ ናይ ህይወትን ንዋትን ክቡር ዋጋ ከፊሉ ነጻነት ሃገሩ ኣረጋጊጹ ከብቅዕ፣ ብዉሑዳት ህግደፋዉያን መራሕቲ ንዝተረግጸ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላቱ ኣብ ምውሓስ ዝግባእ ዋጋ ከፊሉ ካብ ምርግጋጹ ዝዕንቅፎ ነገር እንታይ ክህሉ ይኽእል። እምበኣርከስ፣ ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማ ንምርግጋጽ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሆ ኢሉ ክለዓልን ኣንጻር ደመኛ ጸላኢኡ ስርዓት ህግደፍ መኪቱ ክዕወትን ናይ ግድን'ዩ ዝኸውን። እዚ ኣብ ተግባር ንምውዓል ድማ ሓድነቱ ኣስጢሙ፣ ዓቕሙ ኣወሃሂዱ፣ ክቃለስ'ዩ ዝግባእ። እንሆ ኸኣ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ተመስሪቱ ነዚ ዝተጠቕሰ ዕላማ ኣብ ሸትኡ ንምብጻሕ ኣብ ምቅላስ ይርከብ።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብምእላይ፣ ኣምሳያኡ ጻምእ ህዝብና ዘርዊ ደሞክራስያዊ ባይታ ብምንጻፍ ስልጣን ናብ ዋንኡ ህዝቢ ንምርካብን፣ ስለዚ ድማ ህዝቢ ካብ ዉግእን ወረ ዉግእን፣ ካብ ጥሜትን ድኽነትን ተናጊፉ፣ ብሰላም ወፊሩ ብሰላም ዝኣትወሉ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ሃገሩ ኮሪዑን ተሓቢኑን ዝነብረሉ ኩነታት ንምፍጣር ዘይሕለል ቃልስታት ኣብ ምክያድ'ዩ ዝርከብ። ስለዝኾነ ድማ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ድሮ ተመስሪቱ፣ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ዘሎ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዝያዳ ኣብ ምድልዳሉን ብኽልተ እግሩ ክረግጽ'ሞ፣ መተካእታ ናይቲ ደም ዘንብዓና ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ክኸውን ኣብ ምግባሩን፣ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ተጠላቢ እዩ። በዚ መሰረት እምበኣር፣ ኩሉ ኤርትራ ዜጋ ብሓፈሻ፣ መንእሰይ ሃገርና ድማ ብፍላይ ዝተረግጸ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትና ንምውሓስ፣ ወጽዓና ንምቕንጣጥን፣ ሰላም ዝሰነፈና ደሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽን ዘኽእለና መፍትሒ ኣብ ኢድና ስለዝኾነ፣ ካብ ማንም ከይተጸበናን ይውዓል ይሕደር ከይበልናን፣ ካብዛ ሰዓት'ዚኣ ጀሚርና ኣብ ዙርያ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ብምዕሳል ቃልስታትና ነበራትዕ።

እወ፣ እቲ ፍታሕ ኣብ ኢድና እዩ'ሞ፣ ተጸባይነት የብቅዕ። መቑሕ ሰንሰለት ስርዓት ህግደፍ ፈንጢስና ክብርና፣ ልዑላዉነትና፣ መሰልናን ነጻነትናን ንምኽባር ሎሚ'ውን ከም ወትሩ ድልዋት ኗኹን።